ዮሃና! ንመበል 57- ዓመት ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም፡

ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ **ዮሃና** ንታሪኻዊት ዕለት ባሕቲ መስከረም ዝኽሪ መበል 57 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ። ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 - እቲ ጀማሪ ሰውራ ሓርበኛ ስዉእ ኢድሪስ ሓምድ **ዓወተን** ካልኦት ብጾቱን ነታ ሽግ ናጽነት ዝወልዑ ብድሕሪኡ ዝተሰለፉ ንኹሎም ብክብሪ ክንዝክሮም ታሪኻዊ ግዴታ ከምዘለና ንኣምን። ዓዋተን ብጾቱን ኣብ ጎቦ ኣዳል ዝተኮሱዋ ፈላሚት ጥይት **ሽግ ናጽነት ወሊዓ** "ሻኻ ኣባሪዓ"። ምኽንያቱ ኤርትራዊ ህዝባዊ ተሳታፍነቱ ኣረጋጊጹ፡ ኣብ ጎኒ ሰውራ ተሰሊፉ ኩሉ ዝከኣሎ ኣበርኪቱ ክቡር ዋጋ ከፊሉ። ድሕሪ 30 ዓመት መሪር ተጋድሎ ድማ ናጽነት ኤርትራ ከምዝጨበጠ ዓለም እዉን መስኪሩሉ እዩ። ስለዚ ንታሪኻዊ ድሕረ ባይትኡ ምልስ ኢልና ብሓጺሩ ምግላጹ ኣገዳሲ እዩ።

ካብ 1890 – 1941 ኤርትራውያን ማለት ቐዳሞት ወለድናን ኣያታትናን፡ ኣሕዋትናን ኣሓትናን **51** ዓመታት ንመግዛዝእቲ ጥልያን ኣሜን ኢሎም ስለዘይተቐበሉዎ በብዓቕሞም ተቓሊሱ ክቡር ዋጋ ዝከፈሉ ነይሮም። ኣብ 2ይ ኩናት ዓለም መግዛእቲ ጥልያን ብመንግስቲ እንግሊዝ ስለ ዝተሳዕረ፡ ካብ 1941- 1952 ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር እንግሊዝ ስለዝነበረት፡ ኣብ'ዚ **11** ዓመታት ሓዲሽ ፖለቲካዊ ሃዋሁው ተፈጢሩ። ስለዚ ኣብ ኤርትራ ንመጀመርያ ግዜ Multi Parties ናይ ፖለቲካ ኣበዝሓ ሰልፍታት ክቕማ፡ ናጻ ሓሳባት ዘእንግዳ ጋዜጣታት እዉን ክምስረታ ስለዝተፈቕደ ኣብ ህዝብና ፖለቲካዊ ምንቕቓሕ ገይረን። ዋዕላ ቤት ገርግሽን ካልእ ንጥፈትን ምክያድ፡ ተመሃሮን መምህራንን፡ ማሕበር ሰራሕተኛታት ካልኦት ዜጋታት ዝተሳተፍዎ ተደጋጊሙ ሰላማዊ ሰልፍታት ተኻይዱ። እቲ ንጥፈታት ሃገራውነት ኣብ ምዕዛዝ ድሌት ናጽነት ኣብ ምዕባይ ኣወንታዊ ኣስተዋጽኦ ነይሩዎን።

ብኣንጻሩ እዉን ኣብ'ቲ መድረኽ 1940 – 1950ታት ኣጋ መወዳእታ ብሓደ ወገን ኩለን ሰልፍታት ሙሉእ ሓድነትን ጥምረትን ስለዘይነበረን ሓቒዩ ሓደ ፖለቲካዊ ሃጓፍ ነይሩ። በቲ ካልእ ገጹ እዉን ብንጉስ ሃይለስላሰ ዝምራሕ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ንኤርትራ ሃብታን ወደባታን ባሕራን ንምቑጽጻር ፖለቲካዊ ጥሙሕነቶም ብግብሪ ከረጋግጹ ጽዒሮም። ብዙሕ ገንዘብ እናዋፈሩ ናይ ኣንድነት ሰልፊ ብምቑም(ምስ ኢትዮጵያ ሕብረት) ጸጥታውን ፖለቲካውን ውዲት ገይሮም ድሌትን ኣትሓሳስባን ህዝብና ከፋፊሎሙዎ። ከም ሳዕቤኑ እዉን ኣብ ሃገርና ኣሉታዊ ምዕባሌ ከምዘኽተለ ታሪኽና ዘረጋግጾ ሓቒ እዩ። ንኹሉ ታሪኽ ዘርዚርካ ብሰፊሑ ምግላጹ ኣጸጋሚ እዩ።

ይኹን'ምበር ኩሉ ግዜ ናይ ሓያላን ሃገራት ኢድ ምእታው ንጂኡ- ፖለቲካዊ ለውጢ ዞባናን ዓለምናን ናቱ ጽልዋን ጸቕጥን ኣለዎ። ስለዚ ብሓደ ወገን ብመራሒ ሰልፊ ናዚ ብዲክታተር ኣድልፍ ሂትለር ዝምራሕ ሰልፊ ናዚ ጀርመን፡ ብኢጣልያዊ ፋሺስታዊ በኒቶ ሞሶሊኒን ናይ ጃፓንን ካልኦት ሃገራት ከም **ኣክሲስ** Axix ዝጽውዓ ሃገራት ንብዙሓት ሃገራት ወሪረን ተቐጻጺረንኣ ነይረን። በቲ ካልእ ወገን እዉን ናይ ቓልኪዳን ሃገራት ዝጽውዓ ዝነበራ ከም ኣመሪካ እንግሊዝን፡ ፈረንሳን ሩስያን ካልኦትን ሃገራት ዝርከብኡ ንነዊሕ ዓመታት ተዋጊኤን። 2ይ-ኩናት ዓለም ልዕሊ ሓሙሻን ሓሙሽተ ሚልዮን (**55, 000, 000**) ህዝቢ ሞይቶም ኣርባዕተ (**4**) ዕጽፊ

ከምዝሰንከሉ ሚልዮናት እዉን ስለዝተዘናበሉ፡ ኣብ ታሪኽ ደቒሰባት ዘስካሕክሕ ብዙሕ ግፍዒ ዝተፈጸመሉ ኣዕናዊ ታሪኽ ኩናት ዓለም ነይሩ። ኣብ **1945** ድማ ብናይ ቻልኪዳን ሃገራት ስዕረት ከምዝተዛዘመ ብጽሑፍ፡ ብፊልምን ሓወልትን ዝተሰነደ ታሪኽ እዩ።

2ይ ኩናት ዓለም ዘኽተሎ ሳዕቤን ሰብኣዊ ጸጋን ኢኮኖምያዊ ዕንወትን፡ ምግሃስ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት፡ ማሕበራዊ ምዝንባላትን ስደትን ብኹሉ መዳያቱ ከቢድ ዓለማዊ ዕንወት ስለዘኽተለ ከይድገም ውሕስነት ንምርግጋጽ ግድነት ነይሩ። ስለዚ ምሩኻት ኩናት ሰብኣዊ ኣትሓሕዛ ክህልዎም ናብ ዓዶም ክምለሱ፡ መሰል ዝተዘናበሉ ስደተኛታት ክኽብር፡ ንኩናት ዝዕድም ብዝሒ ወትሃደራዊ ትካላትን ኣጽዋርን ንምጉዳል --- ወዘተ --- ወዘተ ዝብሉ ብዙሓት ኣህጉራዊ ውዕላት ተፈጺሞም። ከም ኣብነት ንሰብኣዊ መሰላት ዝምልከቱ ዲክለረሽን ይኹን ኮንቨንሽን ጀነቫ፡ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ስትራስቦርግ ተመስረቶም ናይ ኩናት ገበነኛታት ናብ ፍርዲ ክቐርቡ። እቲ ኣብ 1884 - 1885 ብውዕል በርሊን ዝፍለጥ ዕላምኡ ንሃገራት ሳልሳይ ዓለም ከም ሲጋ ጉዚ ከፋፊልካ ነናትካ ግዙኣት ሃገራት ሕጋውነት ዘልበሰ፡ ሓዲሽ መግዛእቲ ንምስፍሕፋሕ እዉን ሕጋውነት ዘልበሰ ኣህጉራዊ ውዕል ክፈርስ ገለ ካብ ስምምዓት ናይ ድሕሪ 2ይ ኩናት ዓለም ነይሮም።
ስለዚ ኣብ ትሕቲ መግዝእቲ ጥልያን ዝነበራ ከም ሊብያን ሶማልያን፡ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ እንግሊዝ ዝነበራ ከም ሱዳን ከንያ -- ወዘተ ኣብ 1950ታት ከም ግዚኡ ናጽነት ተዋሂቡወን። ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ጥልያን ዝነበረት ሃገርና ኤርትራ ይኹን፡ ኣብ ትሕቲ ፖርቱጋል ዝነበራ ከም ሞዛምቢክ ጊኒ ቢሳው ኣንጎላን -- ወዘተ ዝርከባ ሃገራት ግና በብናተን ምኽንያታት ናጽነት ተነፊጉወን። ስለዚ ኤርትራ ናጽነታ ተኻሒዱ ብፈደረሽን ክትቐረን ዝኾነሉ ቐንዲ ምኽንያት፡ ኣብ ቐርኒ ኣፍሪቓ ናይ ቐይሕ ባሕሪ ዘለዋ እስትራተጂካዊ ኣቐማምጣ ኣገዳስነት ስለዘለዋ፡ ክልተ ወደባት (ባጽዕን ዓሰብን) ዓባይ ሃገር ኢትዮጵያ ክትጥቐመሉ ፍሉይ ጂኡ ፖለቲካዊ ትርጉማት ነይሩዎ። ነዚ ንምፍጻም ብናይ ኣመሪካን እንግሊዝን ካልኦት ሓያላን ሃገራትን ፖለቲካዊ መሃንድሳት ኢኮኖምያዊ ረብሓታተን ከረጋግጻ ነይሩወን። ምኽንያቱ ንእስትራተጂካዊ መስመር ንግዲ ቐይሕ ባሕሪ ክቐጻጸራ ብጉልባብ ጸጥታዊ ውሕስነት ወትሃደራዊ ሓይለን ኣስፊሖን። ንሱ ንኣሰላልፋ ሃገራት ዝውስን ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ቐጽሪ መስሪተን። ዕላምኡ ብቐጥታን ተዘዋዋርን ዝቐጻጸራሉ ኣገባብ ውዲት ሃንዲሰን።

ስለዚ ኣብ 1952 ኤርትራ ብናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ውሳኔ 390 /A/ ኣብ ትሕቲ መራሒ ኢትዮጵያ ንጉስ ሃይለስላሴ ብፈደረሽን ክትቐረን ተወሲኑ። ብጸጥታዊ ውዲት ተዘዋዋሪ ኣገባብ ብመሪሕነት ኣመሪካ ብኣምባሳደር ጆን ቦልቶን ፈደረሽን ከምዝተፈጸመ ኣብ ሰነዳት ሰፊሩ ኣሎ። ከም ውጽኢቱ እዉን ኣብ 1955 ኣመሪካ ኣብ ኤርትራ ንባጽዕን ዳህላክን መዓስከር ተዋሂቡዋ ወትሃደራውን ናይ ሓይሊ ባሕርን ሰራዊት ኣስፊራ። እዚ ሕጂ ኣብ ኣስመራ ብመዓስከር ቻኘው ዝፍለጥ፡ ብረድዮ- መሪና ዝጽዋዕ ናይ ሓይሊ ባሕሪ መዓስከር ከባቢ ቤት ትምህርቲ ሳንታ ዝርከብ፡ ኣብ መገዲ ቐሸት ትራክ ቢ ትራክ ሲ ዝጽዋዕ፡ Navy Gura ብሓይሊ ባሕሪ ጉራዕ ዝጽዋዕ ቦታታት ሰራዊ ዓስኪሩ። ዕላምኡ ህንዳዊ ውቕያኖስ ንቐይሕ ባሕርን ማእከላይ ምብራቕን ዝከታተል ናይ ረድዮን መራኸብን፡ መቐጻጸሪ ራዳራት ተኺላ ነፈርትን ሚስይላትን ዝጸዓና ናይ ውግእ መራኸብን ኣብ ቐይሕ ባሕሪ ነይሩዋ።

ካብ መፋርቕ 1940ታት ግዜ ምምሕዳር ኣንግሊዝ' ኤርትራዊ ሰልፍታትን ናጻ ጋዜጣታትን ክምስረታ ስለዝተፈቕደ፡ ሰልፍታት ብዘካየድኡ ፖለቲካዊ ጎስጓሳት ብሓደ ወገን፡ 1952 ዝተመስረተ ፈደረሽን ብኢትዮጵያ ዝፍጸሙ ዝነበሩ ግፍዕታት በቲ ካልእ ወገን፡ ኣብ መፋርቕ 1950ታት ዝተኻየዱ ዋዕላታት ናይ ተመሃሮ መምህራንን፡ ናይ ማሕበር ሰራሕተኛን ኣድማታት፡ ሚስጥራዊ ውዳቤ ናይ ማሕበር ሸውዓተ (ሓራካ) ተኻይዱ። እዚ ኩሉ ንጥፈታት ተደሚሩ ኤርትራዊ ሃገራውነት ዓምቢቡ ድሌት ናጽነት እዉን ዝዓብየሉ ፍሉይ ፖለቲካዊ ምዕባሌን ሓዲሽ ሃዋሁው ተራእዩ።

ስለዚ ንጉስ ሃይለስላሴ ደሓር ብስርዓት ደርግ ብኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ዝተመርሐ መንግስቲ፡ ሕልሚ ዓባይ ኢትዮጵያ ቐጻልነቱ ከረጋግጹ ብባህርያቶም ሓደን ተመሳሳልን ነይሮም። ንሰውራ ኤርትራ ንምብርካኽ ዝፈጸሙዎ ግፍዕታት መዳርግቲ የብሉን። እቲ ዝተኸተሉዎ ፖለቲካዊ ፍልስፍናን እዉን፡ ህዝባዊ ተሳታፍነት ዜጋታት ካብ ሰውራ ኤርትራ ንምንጻል፡ **"<u>ዓሳ ንምቕታል ማይ ምንጻፍ</u>"** ብዝብል ኣዕናዊ ፖሊስን ተመሪሑም። **"<u>እምቢ ያለ ሰው ጥይት ኣጉርሶው</u>"** ዝብል ጭርሖ ሒዞም፡ ኣብ ባርካ ሰንሒት፡ ኣብ ሰምሃር ሳሕል፡ ኣብ ደንከል ኣብ ሰለስተ ኣውራጃታት ከበሳ ብጠቕላላ ንህዝቢ ኤርትራ ብግብሪ ከርዕዱ ከምበርክኹ ፈቲኖም 30 ዓመታት።

ከም ሳዕቤኑ እዉን ብዙሓት ዓድታት ብሓዊ ኣንዲዶም ህዝቢ ብጃምላ ቕቲሎም። ብፈንጅን ጥይትን ብነፈርትን መዳፍዕን፡ ብስልኪ ዝተሓንቐ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝሓቖቑ ኤርትራውያን ኣሸሓት እዮም። ዝተራሰየ ንብረት ህዝብን ዝዓነወ ኢኮኖም ሃገርን ክንደይ ቢልዮናት ዶላር ይግመት ንጹር ኣይኮነን። ብሰንኪ ዘስካሕክሕ ግፍዒ መንግስቲ ኢትዮጵያ ናብ ስደት ዘምርሑ ዜጋታትና እዉን ኣማኢት ኣሸሓት ስለዝኾኑ ጌና ዘይተመልሱ ኣለዉ።

ክልቲኦም መራሕቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ንዝተጎሃረ ሃገራዊ ስምዒትን ድሌት ናጽነትን ንምድቋስ፡ ንሕልሚ ዓባይ ኢትዮጵያ ከረጋግጹ፡ ናይ ኤርትራ ባህርያዊ ሃብቲ ክምዝምዙ፡ ናይ ክልተ ወደባት ኢኮምያዊ ረብሓታቶምን ቐጻልነቱ ምርግጋጽ ነይሩ ዕላምኦም። ንሱ ድማ ብዋጋ ኤርትራውያን ሓርበኛታት ክፍጽሙዎ መግዛእታዊ ባህርያቶም ይግድዶም ነይሩ። ስለዚ ነቶም ንናጽነት ዝቓለሱ ዝነበሩ ሓርበኛታት፡ ብጸጥታ ኢትዮጵያን ኣድነታዊ ማሕበርን ብፈተነ ቕትለት ይህደኑ ነይሮም። ከም ሳዕቤኑ እዉን ገለ ዓበይቲ ሉኡያት መራሕትን ተቓለስትን ንምጥቓስ ሓርበኛ ኣቦና ዓብደል ቓድር ከቢረን ካልኦትን ብሂወቶም ክቡር ዋጋ ከፊሎም። ካልኦት ስለዝተሃድኑ ሓርበኛታት ውሕስነቶም ከረጋግጹ ናብ ወጻኢ ሃገራት ናብ ስደት ኣምሪሑም። ገለ ንምጥቓስ ከም ሓርበኛ ኣቦና ሸኾ ኢብራሂም ሱልጣንን ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርማያምን። ከም ኢድሪስ ገላውደዎስን ኢድሪስ መሓመደ ኣደምን። ከም ዑስማን ሳልሕ ሳበን ካልኦትን ሃገራውያን ኣብ ስደት ኮይኖም ሓርበኛዊ ቓልሲ ከምዘካየዱ ብናይ ሰባት ምስክርነትን ብታሪዊ ሰነድን ዝረጋገጽ ሓቂ እዩ። ስለዚ ሕልሚ ዓባይ ኢትዮጵያ ነቲ ዝተጓሃየ ሃገራዊ ስምዒትን ድሌት ናጽነትን ክዓግቱዎ ኣይከኣሉን። ልክዕዩ ዝተመስረተ ሰውራ 30 ዓመታት ምውሳዱ ብግዜ ነዊሕ እዩ ክንዋሕ ዝተኽፈል ዋጋ ኤርትራውን ንብረቱን ስደቱን ብዙሕ እዩ።

ናይ ኩሉ ሃገራዊ ንጥፈታትን ዝተራእየ ተቓዉሞን ደሚርካ ብውጽኢቱ ክምዘን ኮሎ፡ ኣብ **1961** ብሓርበኛ ሓምድ ኢድሪስ **<u>ዓወተ</u>** ብረታዊ ቓልሲ ተጀሚሩ። እታ ዝተተኮሰት ቐዳመይቲ ጥይት እዉን **<u>ሽግ ናጽነት ወሊዓ</u>**። ከከም መድረኻዊ ምዕባሌ ብደረጃ ዝፈላልለ ዋላ እንተነበረ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብዓብላሊ ቑጽሪ ሃገራዊ ስምዒቱን ድሌት ናጽነቱን እናወሰኸ ስለዝኸደ ብግብሪ ህዝባዊ ተሳታፍነቱ ኣረጋጊጹ። ምኽንያቱ ዜጋታት ካብ ማሕረስን ትምህርትን ገዲፎም፡ ስድራ ቤቶምን ስርሖምን ጠንጢኖም፡ ናይ ንስእነት ዕድመን ናይ መጻኢ ዕድሎምን ከይሓሰቡ፡ ምሁራትን ሰብ ደሞዝን ከይተረፉ ካብ ውሽጢ ሃገርን ካብ ወጻኢ ሃገራትን ተሰሊፎም ብዓዋተ ዝተወልዔ ሽግ ናጽነት ንምዕዋት ብኣማኢት ኣሸሓት ንሜዳ ውሒዞም። ኣብ ገጠርን ኣብ ከተማታት ኣብ ወጻኢ ሃገራትን ዝነብሩ ዜጋታት እዉን ተወዲቦም ሰውራ ኤርትራ ንምዕዋት ህዝባዊ ተሳታፍነቱ ኣመስኪሮም፡ 30 ዓመታት መሪር ቓልሲ ተኻይዱ ብተወፋይነትን ጽንዓትን ተበዲሁ ናጽነቱ ብቕልጽሙን ደሙን ብክቡር ዋጋ ኣረጋጊጹ ታሪኽ ሰሪሑ።

እንተኾነ እታ ብዓዋተ ዝተወልዒት ሽግ ናጽነት ናጽነት ኣረጋጊጻ ነይራ ናብ ሓርነት ግና ክንሰግር ኣይከኣልናን። ምኽንያቱ ኢሰያስን ህግደፍን ኮለዉ ጽሩይ ማይ ኣይስተንዩ፡ ሰላም ቕሳነትን እዉን ስለዘይርከብ፡ 27 ዓመታት ሕድሪ ሰማእታት ተጠሊሙ እዚ ኹሉ ክቡር ዋጋ ህዝብን ሃገርን ተኻሒዱ። ልዕልና ሕጊ ተጣሒሱ ሰብኣውን ደሞክራስያውን፡ ኢኮኖምያውን ማሕበራውን መሰላት ተጋሂሱ ብዘስካሕክ ኣትሓሕዛ ማእሰርቲ ብዘይፍርዲ ኮይኑ ሃገር ናብ ሲኦል ተቐይራ። ዜጋታት ሰላምን ቕሳነትን ከስተማቕሩ ኣማኢት ኣሸሓት ናብ ስደት ኣምሪሑም። ሕልሞም ከይተጋህደ ኣብ ዝምነዩዎ ውሑስ ቦታ ከይበጽሑ፡ ኣብ ጉዕዞ ስደት ምድረበዳ ቐለብ ኣሞራ፡ ኣብ መዲተራንያን ባሕሪ እዉን ቐለብ ዓሳ ዝኾኑ ዜጋታትና ብዙሓት እዮም። ሕጂ ድማ ክብሪ ሉላውነታ ኤርትራ ኣብ ዕዳጋ ወሪዱ ይርከብ። ናይ ገለ ሓያላን ሃገራት ምኽርን ናይ ሃገራት ኣዕራብ ጂኦ ፖለቲካዊ ጠላዕ ዝፈጠሮ ናይ ኢኮኖምን ዲፕሎማስን ዝምድና ግዝያዊ ረብሓ ንምርካብ ተባሂሉ ክፍጸም ንዕዘብ ኣለና። ናይ ኢትዮ ኤርትራ ሰላም እዉን ብግድለት ግሉጽነትን ዘይንጹር ሕጋዊ ቕጥዕን ይፍጸም ስለዘሎ ክንድመር ዲና ናጽነት ናጽነትና ዓቂብና ክብሪ ሉላውነትና ከነውሕስ ኢና እቲ መፍትሒ ኣብ ኢድ ደለይቲ ፍትሒ ኤርትራውያን እዩ ዘሎ። ጠንቂ ስርዓት ኤርትራ መሪሕነት ህግደፍን ስለዝኾነ ሕጋዊ ተሓታትነቱ ክስከሙ ግድነት እዩ ናይ ግዜ ጉዳይ እንተዘይኮይኑ።

<u>ስሙር ደሞክራያዊ ግንባር ኤርትራ ዘምሓላልፎ መልእኽቲ፡</u>

1. **ዮሃና** ንመበል **57** ዓመት ዝኽሪ **ባሕቲ መስከረም** ንብል። **1961** ብሓምድ ኢድሪስ **ዓዋተ** ዝተወልዔ ሽግ ናጽነት ህዝብን ሃገርን ክቡር ዋጋ ከፊሉ ድሕሪ 30 ዓመታት ናጽነት ኣረጋጊጹ እዩ።

2. ንመስራቲ ሰውራ ሓርበኛ ዓዋተን ካልኦትን ኣሸሓት ሰማእታት ደሚርካ፡ ንህዝባውን ታሪኻውን ዕላማታት ህዝብና፡ ንዝተሰዉኡ ዝሰንከሉ፡ ዕድመ ንእስነቶም ዝኸፈሉ ተቓለስቲ፡ ንክቡር ዋጋ ዝኸፈለ ህዝቢ ኤርትራ ንዝገበሮ ሃገራዊ ኣስተዋጽኦ ምኽባር ግዴታን ስልጡን ባህልን እዩ።
3. ኣብ ተመኩሮ ሰውራናን ኩለን ውድባትን ብሓፈሻ፡ ናይ ታሪኽ ኣሉታዊ ገጽ ስለዝነበረ ኩልና ተቓለስቲ ነበር ንደሞክራስያዊ መሪሕነት ከነረጋግጽ ዘይምኽኣልና ሞራላዊ ሓላፍነት ክንወስደሉ ይግባእ። ጀብሃን ሻዕብያን ዝብል ኣትሓሳስባ ናብ ሰለስተ ወለዶታት ተሰጋጊሩ ኣሎ። ኣብ ኩለን ውድባት ዝተፈላለዩ ኣስማት ተጠሚቐም ከም ስርያ ኣዲስ መንካዕ፡ የሚን ፋሉል ድጉል ፋሉል እናተባህሉ ከም ጸረ ተወሲዶም ዝሓቐቒ ንጹሃት ተጋደልቲ ከምዘለዉ ዝተረጋገጸ እዩ።

ስለዚ ንጽቡቕ ሃገራዊ ህዝባዊ ታሪኻዊ ኣበርክቶ ኣኽቢርና፡ ንኣሉታዊ ታሪኽ ንሰብ ሞያ መጽናዕታዊ ትካላትን ናይ ታሪኽ ተመራመርትን ንፈለጥቲ ሓቕታትን ታሪኽን ንሃቦም፡ ንሳቶም ብስነፍልጠታዊ መጽናዕቲ መልክዕ ኣትሒዞም፡ ጽቡቕ ሕማቕን ክልተ ገጻት ናይ ታሪኽ , ታሪኽ መዝጊቦም፡ ኣብ ትምህርቲ ከም ካሪክሉም ክሰፍር ኩልና ክንመሃረሉ ይግባእ። ኢሰያስን ህግደፍን ኮለዉ ኣብ ታሪኻዊ ሓሸየ ግዜናን ሓንጎልናን ከነህልኽ ቐዳምነት ስለዘይኮነ፡ ዝፈላልየና ዘህልከና እምበር ዝጠምረና ሓቢርና ዘቓልሰና ከምዘይኮነ ኩልና ተዓዚብናሉ ኣለና። ስለዚ ኣብ እዋናዊ ምዕባሌ ሃገራዊ ጽምዶ ኣተኩርና ንውድቐት ኢሰያስን ህግደፍን ሓቢርና ክንምክቶ ንጽውዕ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና !!!

ክፍሊ ዜናን ሓበሬታን **ስደግኤ 1 መስከረም/2018**
uedf2012@gmail.com

ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡
الـمـ تحدة الإرتـ ريـ ة الـديـ مـ قراط يـ ة الـ جـ بهة
United Eritrean Democratic Front